TIGRAY
ACCOUNTABILITY
COALITION

# ናይ ሓባር መርገፂ ትግራይ:- ኣብ ጉዳይ ምዉሓስ ፍትሕን ተሓታትነትን ንዝተፈፀሙ ግፍዓዊ ገበናት፣

## ምጥያሽ ምትሕብባር ትግራይ ንፍትሕን ተሓታትነትን ልህንፀት ዉዳበ ተሓታትነትን ፍትሕን

ጥቅምቲ 2018

ናብቲ ዕቱብ ዝኽሪ ዝሓዘለ መበል 5ይ ዓመት ምዉላዕ ኲናት ትግራይን 3ይ ዓመት ምፍራም ዉዕሊ ምቁራፅ ተፃብኦ/ስምምዕ ፕሪቶርያን እንቃረበሉ ዘለናሉ እዚ እዋን፤ ንቲ ዝወረደ ክሳራ ምልስ ኢልና እነሰላስለሉ፥ ንቶም ግዳያት እንዝክረሉን ህዝቢ ትግራይ ንዘርኣዮ ፅንዓት ክብርና እንገልፀሉን ግዜ እዩ። ፍትሕን ተሓታትነትን ብምዉሓስ መገዲ ዘላቒ ሰላም ንምኽታል፥ ንቶም ግዳያት ህያዉ ክብሪ ንምጉንፃፍን ኣብ ትግራይ ይኹን ብዓብይኡ ኣብ ሙሉእ ቀርኒ ኣፍሪካ ኲናትን ግፍዕን ከይደግስ ንኹሎም ሰላም ዝፈትዉ ህዝብታት ንምስላፍ ንዘለና ዉፉይነት እነሐድሰሉ እዋን እዉን እዩ።

ንሕና፣ ተጋሩ ዉዳበ ፍትሕን ተሓታትነትን፤ ካብ ትካላት ሲቪል ማሕበረሰብ፥ ተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰላት፥ ግዳያት ግፍዓዊ ገበናትን ብሂወት ዝተረፉን ወገናት፥ ማሕበረሰብ ዲያስፖራ፥ ሰብሞያ ሕግን ምሁራን ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲን፥ መራሕቲ ሃይማኖት፥ ዓበይቲ ዓድን ኮታስ ካብ ኩሎም ንሓቂ፥ ንፍትሒ፥ ንተሓታትነትን ካሕሳን ደው ዝበሉ መዳርግቲ ኣካላት ዝተኣኻኸብና እንትንኾን

ብመሰረት ሕጋገታትን መትከላትን ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት (Universal Declaration of Human Rights)፥ ዓለምለኻዊ ኪዳን ሲቪልን ፖለቲካዉን መሰላት (International Covenant on Civil and Political Rights ፥ ዓለምለኻዊ ኪዳን ቁጠባዊ፥ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት (the International Covenant on Economic, Social and Cultural Rights)፥ ቻርተር ኣፍሪቃ ኣብ መሰላት ሰብን ህዝብታትን (the African Charter on Human and Peoples' Rights) ካልኦት ዓለምለኻዊ ሕጋገታት ሰብኣዊ መሰላትን እናተመራሕና፤

ን ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን (United Nations Charter) መንግስታት ንዘለዎም ንህዝብታት ካብ ፅንተት፥ ገበናት ኲናት፥ ምፅራይ ዓሌትን ኢሰብኣዊ ገበናትን ናይ ምክልኻል ቀዳማይ ሓላፍነት (Responsibility to Protect) ኣብ ግንዛበ ብምእታውን፥

ብተወሳኺ፣ ሓደጋ ፅንተት፥ ገበናት ኲናትን ሰብኣዊ ገበናትን እንተጋጥም፤ መሰል ኢድ ኣእታዉነት ክህሉ ኣፍልጦ ንዝህብ ትካላዊ ሕጊ ሕብረት ኣፍሪቃ (AU Constitutive Act) ብምጥቃስ፥

ገበናት ፅንተት ንምክልኻልን ንምቕፃዕን ዝወፀ ድንጋገ፥ ድንጋገ ጀኔቫ 1949 ን ተወሰኽቲ ፕሮቶኮላትን፥ ከምኡ እውን ንውዕላት ዓለምለኸ ቤት ፍርዲ ገበን ሮም ስታቱዩት ተሓሳቢ ብምግባር፥

ኣብ ትግራይ ኢትዮጵያ ብ 25 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ኣብ መንጎ ብመንግስቲ ኤርትራን ብክልላዊ መንግስቲ ኣምሓራን ዝተደገፉ ሓይልታት መንግስቲ ፌደራል ኢትዮጵያን ሓይልታት ምክልካል ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ዝተወለዐ ኲናት ስዒቡ፡ ክግመት ዘይኽእል ሰብኣዊ ቅልውላውን፥ መጠነ-ሰፊሕ ግፍዓዊ ገበናት ግፍዕን ብምፍፃሞም፥

ብመሰረት መረዳእታ ጎንፂ ዩኒቨርስቲ ኣፕሳላ ዝተብሃለ ትካል ዘውፅኦ ፅንዓታዊ ፀብጻብ፣ ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተኻየደ ኲናት ካብ 600 ሺሕ ክሳብ 1 ሚሊዮን ዝግመት ሰብ ኣብ ትግራይ ከም ዝተቐተለ ብ 2022 ዕላዊ ዝገበረ እንትኸውን እዚ ኣብ ትግራይ ዝተኸሰተ ህልቀት ብመጠን ግዝፈቱ ድሕሪ ብ1994 ዓ.ም.ፈ ኣብ ሃገረ ሩዋንዳ ምስ ዘጋጠመ ቀታሊ ፅንተት ከም ዝዳረግ ዝሓበረ እንትኾን; ኣብ እዋን እዚ ኲናት ትግራይ ልዕሊ 5 ሚሊዮን ህዝቢ ከም መሳርሒ ውግእ ብምጥቃም ኮነ ተባሂሉ ብጥምየትን ብሰኣን ምግብን መድሓኒትን ክመውት ክባን ዕፅዋን ከምዝተፈፀሞን፤ ብዓሰርተ ኣሽሓት ደቂኣንስትዮ ናይ ፆታዊ ዓመፅን ፆታ መሰረት ናይ ዝገበረ ጥቕዓትን ግዳይ ከምዝኾና፤ ልዕሊ ክልተ ሚሊዮን ወገናት ድማ ካብ መረበቶም ክመዛበሉ ዝተገደዱ ምኳኖም ስለዝተገንዘብና፤

ብዚ ዝበፅሐ መሰንበዲ መጠን ሞት ሂወት ደቂሰባትን ብዚ ዘጋጠመ መጠነ-ሰፊሕ ሰብኣዊ ቅልውላውን የመና ስለዝደንገፅና፥

ዓለምለኻዊ ኮሚሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኢትዮጵያ ዕላዊ ብዝገበሮ መፅናዕታዊ ፀብፃብ መሰረት: "ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያ፥ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፥ ሓይልታት ክልላትን ካልኦት ደገፍ ወሃብቲ ምሊሻን ዝተፈላለዩ መጠነ-ሰፊሕ ግፍዕታትን ገበናት ሰብዓዊ ጥሕሰትን ምፍፃሞምን፤ ብተወሳኺ እውን ጅምላዊ ቅትለት፥ ደይ መደይ ኢሎም ሰፊሕን ፆታዊ ዓመፅን ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥሕሰትን ከምዘብፀሑ፤ ደቂኣንስትዮን ኣዋልድን ንፆታዊ ባርነት ከምዘውዓሉን፥ ኰነ ተባሂሉ ሰባት ክጠምዩን ብሓይሊ ክመዛበሉን ከምዝተገበረን፤ ማእለያ ዘይብሎም ሰባት ናይ ምእሳር ተግባራት ብድምሩ ናብ ብርኪ ገበናት ኲናትን ኣንፃር ሰብኣዊነትን ዝበፅሑ ገበናት" ብሓፈሻ ከምዝተፈፀሙ" ዝገለፀ እንትኸውን፤ ሰራዊት ምክልኻል ሓይልታት ኢትዮጵያን ኣብ ጎኖም ኮይኖም ዝተዋግኡ ሰራዊት ኤርትራን፥ ከምኡ'ውን ሓይልታት አምሓራን ትግራይን ብተወሳኺ ገበናት ኲናት ከምዝፈፀሙን፤ ብፍላይ ድማ ሰራዊት ኢትዮጵያ፥ ኤርትራን አምሓራን ኣንፃር-ሰብኣዊነት ገበናት ምፍፃሞም ፀብፃብ ውፅኢት መፅናዕቲ እዚ ኮሚሽን ከም መበገሲ ብምውሳድ፥

ብተወሳኺ "አባላት ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ፥ ኤርትራ፥ ኣምሓራን ህወሓትን ኣብቲ እዋን ውግእ ገበናት ኲናት፤ ብፍላይ ኣባላት ሰራዊት ኢትዮጵያ፥ ኤርትራን ኣምሓራን ብተወሳኺ ኣንፃር ሰብኣዊነት ገበናትን እንኮላይ ቅትለት፥ ዓመፅን ካልኦት ዓይነታት ፆታዊ ጥሕሰትን ምስዳድን ከም ዝፈፀሙ" ዘረጋግፅ ብይን ሚኒስቴር ዝምድናታት ወፃኢ መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ግምት ብምእታው፥

ዓለምለኻዊ ኮሚሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብመሰረት ኣብ ኢትዮጵያ ዕላዊ ዝገበሮ መፅናዕታዊ ፀብፃብ: ኣብ ሞንጎ ኖቬምበር 2020 ን ጁላይ 2023 ን ቅትለት ሲቪላትን ከምኡ'ውን 286,250 ግዳያት ጾታዊን ጾታውን መሰረት ዝገበረ ዓመጽ እዮም ነይሮም። ብፍላይ ድማ ንዞም ጥቕዓታት ዘብፅሑ ኣባላት ንተጋሩ ብምኽንያት መንነቶም ንምጥቃዕ ግልፂ ዕላማ ከምዝነበሮም፥ "ዓሌት ተጋሩ 'ካንሰር' ከምዝኾኑ እናጠቐሱ ብግልፂ ዓበይትን ህፃናትን ከይፈለዩ ናይ ምቕታልን ማህፀን ደቂአነስትዮ ንምብልሻው ዝዓለመ ድልየት ከምዝነበሮም" ዝምስክሩ ግልፂ ምልክታት ኣብዚ ፍፃመ ገበን ብግልፂ ናይ እዞም ገበን ፈፀምቲ ተልእኾ" ኣብ ሰነዱ ዘስፈሮም ምኳኑ ክብደት ብምሃብ;

ኣብ ትግራይ ዝተፈፀሙ ግፍዕታት ደረጃ ፅንተት ከምዘማልኡ ሚኒስቴር ዝምድናታት ወፃኢ መንግስቲ ኣመሪካ ዛጊድ ፈፂሙ ዕላዊ ዘይገበሮ ብይን ከምዘሎ ዘመላኽቱ ተኣመንቲ ፀብፃባትን የመና ስለ ዘተሓሳሰበና፥

ብተወሳኺ ድማ "ኣባላት ሰራዊት ኢትዮጵያ፥ ኤርትራን አምሓራን ኣብ ልዕሊ ትግራይ ጄኖሳይድ ዝፈፀሙ ምኳኖም ንምርግጋፅ ዝሕግዙ ብውሕዱ 4 ረቛሒታት ገበን ጄኖሳይድ ምምላኦም ብምጥቃስ ፅንተት ከምዝተፈፀመ ንምእማን ዘኽእል ምኽንያታዊ ባይታ ምህላው ዝሓበረ እንትኾን ተጋሩ ብምቕታል፥ ኣሰቃቒ ኣካላዊ ጥቕዓትን ስነ-ኣእምሯዊ ስቓይን ክበፅሖም፤ ብሓፈሻ ብዕሊ ብዝተሰልሐ ሒሳብ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ብርሰትን ዕንወትን ንምምፃእን ወሎዶ ከይቕፅል ምእንቲ

ተፈጥሯዊ ከይዲ ወሊድ ዝዓገቱ ስጉምቲታት ብምውሳድ ዝግለፁ ኲነ ተባሂሎም ዝተፈፀሙ ኲሉመዳያዊ ተግባራት ገበን ምዃኖም፤ ኒው ላይንስ ኢንስቲትዩት (New Lines Institute) ኣብ ዘውፅኦ ፀብፃብ ብዘየላጢ መገዲ ዝተገለፀ እንትኾን፤ ነዚ ሪፖርት ዘማዕበሉ ፀብፃባት ሂዩማን ራይትስ ዎችን ኣምነስቲ እንተርናሽናልን ዝተብሃሉ ትካላት 'ውን ኣብ እዋን ኲናት "ገበናት ኲናትን ገበናት ኣንፃር ሰብአዊነትን ምፍፃሞም መረዳእታ ረኺብና ክብሉ ብተወሳኺ ምፅብፃቦም ኣብ ግንዛበ ብምእታው፥

ብ 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም. ኣብ ደ/ኣፍሪቃ ከተማ ፕሪቶሪያ ኣብ ሞንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህወሓትን ዝተፈረመ "ስምምዕ ምቁራፅ ተፃብኦታት" ብምዝካር፥

ቤት ምኽሪ (ካውስል) ሰብአዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፤ ኣብ ኢትዮጵያ ከበድቲ ጥሕሰታት ዓለምለኻዊ ሕግን ገዘፍቲ ግፍዓዊ ገበናትን ኾነ ተባሂሎም ከም ዝተፈፀሙ ዝምስክሩ ብጭቡጥ መረዳእታ ዝተደገፉ ሰነዳት ከምዝሓዘ ብምግላፅ ከምኡ ውን ኣብ ሕሉፍን ኣብቲ ወቕትን ኣብ ዝተፈፀሙ ግፍዕታት ቀፃሊ ዝኾነ ምርመራ ከምዝጠልቡ መተሓሳሰብን መፀዋዕታን ዝሃበ ምዃኑ ኣብ መዘዘሚ ፀብፃቡ ዘስመረሉ እንትኾን፤

ብምቕፃል እውን መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ገበን ብዝግባእ ሓላፍነቱ ዘይተዋፀአ ፕራሕ ዘይኮነስ ቅንዕናን ቅቡልነትን ዘይብሉ ናይ ስግገር ፍትሒ ኮሚሽን ንምጥያሽ ናይ ምኽክር ከይዲ ንጥፈታት ከምዝጀመረ ብግልፂ ብምቅላዕ እዚ ጉዳይ ክእረም ኣብ መኸምበቲ ሪፖርቱ ኣፅንኦት ምሃቡ ሽሕኳ ዘፍለጠ እንትኾነ፤ ስራሕቱ እንተይዛዘመ ማንዴቱ/ተልእኾኡ ከቋረፅ ብምውሳኑ ከምዝተቐጣዕና እናገለፅና፥

ንምቁራፅ ተልእኾ ዓለምለኻዊ ኮሚሽን ክኢላታት ሰብአዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኢትዮጵያ ተኸቲሉ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ጉዳይ ፍትሕን ተሓታትነትን ዝጠንጥኖ እንትኾን ፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ ንቶም ዝተፈፀሙ ግፍዕታትን ገበናትን ንምሕፃብ ክብል ቅቡልነትን ቅንዕናን ብዘይተኸተለ መገዲ ብዘጣየሾ ናይ ስግገር ፍትሒ ፖሊሲን ብብሄራዊ ናይ ምኽክር ከይዲን ኣቢሉ ሓያሎ ፃዕርታት ምብጋሱ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝመደበረን ናይ ወፃኢ ኤምባሲታትን ዓለምለኸ ትካላትን ደገፈን ከም ዝሃባ ዝስመረሉ ጉዳይ ምዃኑ ትኹረት ብምሃብ፥

መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓለምለኻዊ መትከላትን ረቛሒታትን ብዘማልእ ኣገባብ ነፃ፥ ፍትሓዊ፥ ዘይሻራዊ ፍትሕን ከይዲ ተሓታትነትን ክህብ ይኽእል እዩ ኢሉ ህዝቢ ጥር እትብል እምነት ከምዘይብሉ ብምግንዛብ ኣብ ልዕሊ እዚ ድማ መንግስቲ 'ከይዲ ስግገር ፍትሕን ሃገራዊ ምይይጥን' ትካላዊ ብዝኾነ መገዲ ጉዳይ ተሓታትነት ንምጥፋእ ዓሊሙ እናሰርሐ ከምዝርከብ ዘረጋግፁ ተወሰኽቲ ምልክታትን መረዳእታታትን ምህላዎም ብምርዳእ፥

ብዘይ ቅቡል ተሓታትነት፡ ግዳይ ግፍዓዊ ገበን ዝኾኑ ኣልቦ ፍትሒ ክተርፉ፥ ብቐፃልነት ንሓደጋ ዓንኬል ኲናት፣ ዓመፅን ስእነት ፍትሕን ዝሳጥሑሉን ገበነኛታት ድማ ብኣንፃሩ ተወሰኽቲ ገበናት ኣብ ልዕሊ ግዳያት ንክፍፅሙ ዘበረታትዕን ብሓፈሻ ንሓዱሽ ጎንፅን ኲናትን ዝምግብን ምዃኑ ክስመረሉ ዝግበኦ ሓደገኛ ከይዲ ከምዝኮነ ተገንዚብና፡ እዞም ልዕል ክብል ዝተጠቐሱ ዓበይቲ ወሰንቲ ጉዳያት ኣብዘይተፈትሑሉ ግዜ ተልእኾ ዓለምለኻዊ ኮሚሽን ክኢላታት ሰብአዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክቋረፅ ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ምውሳኑ ንግዳያት ገበናት ግፍዒ ኣፍሪቃ ዝርሕርሕ፥ እናመረፀ ፍትሒ ናይ ምሃብ ዘለዎ ዝምቡዕ ኣመለካኽታን ሌላን ጉሌላን ኣካል መስርሕ መልቲላተራል ትካላት ምዃኑ ብምርኣይ፥

ወሳናይ ግብራዊ ስጉምቲ ናይ ዘይ ምዉሳድ መዘዝ ፍትሒ ናይ ምኽሓድ ጉዳይ ፕራሕ ዘንኮነስ ብቐፃልነት ንታ ሃገርን ንቲ ዞባን ክሕምስ ዝኽእልን ናብ ካሊእ ዘይዛሪ ናይ ኲናት ዕንክሊል ብዝገደደ መልክዑ ዝመርሕን ንቐፃሊ ሓደገኛ መልእኽቲ ዝገድፍን ውሳነ ምዃኑ ኣፅንኦት ብምሃብ፥

ዘላቕነት ዘለዎ ሰላም ኣብ ትግራይ፥ ኢትዮጵያን ዞባናን ዝሰፍን ኣብ መትከላት ሓቂ፥ ፍትሒ፥ ተሓታትነት፥ ሓቢርካ-ምንባር፥ ካብ ዓንኬላዊ ጎንፅታት ነፃ ብምግባርን፥ ገበነኛታት ሙሉእ ብሙሉእ ተሓተትቲ ምስ ኮኑ ድሕሪኡ ኣብዝፍጠር ኩነታት ጥራሕ ምዃኑ ኣፅንኦት ብምሃብ፥

ብሰንኪ ብናህሪ ዝለዋወጡ ዘለው ትንፋስ ዘይህቡ ፖለቲካዊ ወታደራዊ ምዕባለታትን ጂኦፖለቲካዊ ምፍንጭጫልን ጉዳይ ፍትሒ፥ ተሓታትነትን ሕዉየትን ህያዉ ዘዕባ ኲይኑ ክቕፅል ምግባር የመና ከቢድ ከም ዝገበሩን ብሓፈሻ ጉዳይ ተሓታትነት ትሑት ቆላሕታ ክዋሃቦ ዝገብሩ ኩነታት ኣዝዩ ከምዘሕዝነናን ከምተሓሳሰበናን ብምግላፅ፤

ጉዳይ ምርግጋፅ ፍትሕን ከይዲ ተሓታትነትን ዝምልከት፤ ምስ ተጋሩ ዘይኮኑ መዳርግቲ ኣካላት፥ ብፍላይ ድማ ኣካል እዚ ግፍዕን ገበን ሰብኣዊ ግህሰትን ምስ ዝኾኑ ኣካላት ኰይንካ ከምብሓዱሽ ኣጀንዳ ኣልዒልካ ናብ ዘተ ንምእታው የመና ከምዝተፀገምና፤ ናይ ተጋሩ ፍትሕን ተሓታትነት ንምርግጋፅ ሕዚ ዝኽየድ ዘሎ ከይዲታት ድማ ብውሕዱ ንተን ዝነኣሳ ረቋሒታት ፈፂሙ ዘየማልእ ኣብዚ ከይዲ ዋንነት ተጋሩ ዘይብሉን ግዳያት ዝኾኑ ወገናት ዘግለለን ስለዝኾነ ትርጉም ዘይብሉን ዘይቅኑዕን ከይዲ ምዃኑ ብተወሳኺ ብምርዳእ፥

ቅቡልነት ዘለዎ ዓለምለኸ መስርሕ ዝጠልብን ኣብ ትግራይ ይኹን ካብ ትግራይ ወፃኢ ዝግበሩ ምልዛባት ኣብ ዓለምለኻዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ንዝተቐመጡ ዝተሓቱ ረቋሒታት ኣማሊኦም ፍትሕን ተሓታትነትን ንከዉሕሱ ብሓባራዊ መርገፂ ፍትሕን ተሓታትነትን ትግራይ ኣቢልካ ብሓድነትን ኣጋርነትን ምስራሕ ህፁፅ ዉራይ ከምዝኾነ ብምዉሳን

ትግራይ ምስ ደጋዊ ተዋሳእቲ ኣካላት እተካይዶም ኩሎም ዓይነት ንፐፈታት ብቐዳምነት ግዳይ ዝኾኑ ወገናት፥ ፍትሒ፥ ተሓታትነትን መፍትሒን ናይ ምርካብ መሰል ዘረጋግፅ ፅኑዕ ፕሮቶኮል ብምኽታል፤ መጀመሪታ ኣብ መረዳእታን ሓቅን ተመስሪቱ ግፍዕታት ምፍፃሞም ተቐቢሉ ንቐፃሊ ተመሳሳሊ ገበን ከይፍጠር ውሑስ ዝገብር ከይዲ ስርዓት ዘተ፥ ዕርቂን ፍትሒ ስግግርን ክጣየሽ ከምዘለዎ ትግራይ ዘየወላውል ተሪር መርገፂ ክትሕዝ ናይ ግድን ከምዝኾነ ደጊምና ደጋጊምና ከምንተሓሳሰብ እናገለፅና፥

ኣብዞም ዝረኣዩ ዘለው ዘተሓሳሰቡ ምዕባለታት ሰፊሕ ተሳትፎ ብምክያድን ግዳያትን ካብዚ ግፍዓዊ ገበናት ብሂወት ዝተረፉ ወገናትን ግቡእ ፍትሒ ክረኽቡን ተሓታትነት ንክረጋገፅን ናይ ኩላትና ሓባራዊ ሓላፍነት ከምዝጠልብ ኣፍልጦ ብምሃብን፥

**1ይ ክፋ: ምጥያሽን ዕላማታትን፥**

1. እዚ ሓበራዊ መርገፂ ትግራይ እዚ ኣብ ትግራይ፥ ኢትዮጵያን ዘለናሉ ዞባን ኣብ ዝተፈፀሙ ግፍዕታትን ገበናትን ፍትሕን ተሓታትነትን ክህሉ ኣብ እንገብሮም ፃዕርታት ከም ሓፈሻዊ መምርሒ መስርሕ ኰይኑ ክገልግል ተቐቢሉዎ ኣሎ፤

2. እዚ ሓባራዊ መርገፂ ትግራይ ከም ቀዋሚ፥ ሓቓፊ፥ ውዱብን ግዳይ ንዝኾኑ ወገናት ማእኸል ገይሩ፤ ጉዳያት ፍትሒ፥ ሓቅን ተሓታትነትን ቆላሕታ ክረኽቡ ጎስጓስ ንምክያድን ተግባራዊ ንምግባርን ከምኡዉን ኩሎም ግዳያትን ብሂወት ዝተረፉን ወገናት ካሕሳ ንክረኽቡ ከም ሓፈሻዊ መምርሒ ከገልግል ይቕበሎ፤

3. እዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ዕላማታት እዚ ሓባራዊ መርገፂ ትግራይ ምዃኖም ይገልፅ፤

ሀ) ሓፈሻዊ ዕላማታት ፍትሕን ተሓታትነትን ንምርግጋፅ/ንምዕዋት ውሁድ ዝኾነ መንፈስ መትከላዊ መስርሕ ምንፃር፥

ለ) ንኹሎም መዳርግቲ ኣካላት፥ መሓዙት ኣካላትን ኣብ ፃዕርታት ፍትሒ ዝነጥፉ ተጋሩን ምትሕብባርን፥

ሐ) መስርሕ ተሓታትነት ንምርግጋፅ: ቅቡልነት ዘለዎን ዘይሻራዉን ዓለምለኻዊ ትካል ክጣየሽ ምጥላብ፥

መ) ንመሰል ግዳይ ዝኾኑ ወገናት ትኹረት ብምሃብ መሰረታዊ ድልየታቶምን ባህግታቶምን ዘንፀባርቕ ከይዲ ፍትሒ ክህሉ ናይ ቅድም ቀዳድም ትኹረት ምሃብ፥

ረ) ተሓታትነት ንምርግጋፅ ከም ላዕለዋይ መድረኽ ፈፃሚን ጎስጓሲን ኰይኑ ንኽገልግል  ን ምትሕብባር ትግራይ ንተሓታትነትን ፍትሕን (TAC) ምጥያሽ፥

ሰ) ዘይተሕታትነት ምክልኻልን ገበነኛታት ብዝፈፀምዎ ከቢድ ጥፍኣት ክቕፅዑ ምግባርን፥

ሸ) ዘላቒ ዉዳበታት ፍትሒ ኣብ ትግራይን ብዓለምለኸ ደረጃን ምህናፅ፥

**2ይ ክፋል: ናይ ፍትሒ ውድቀታት ምውጋዝ ዝምልከት:**

4. ዓለምለኻዊ ኮሚሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኢትዮጵያ/ICHREE/ ብዛዕባ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀሙ ዘሰካሕክሑ ገበናትን ስርዓታዊ ጥሕሰትን ዝኣመኑ መፅናዕታዊ መረዳእታታት ዝጨበጠ እኳ እንተኾነ ተልእኾኡ ኣብ ዘይግዚኡ ክቋረፅ ዝተመሓላለፈ ውሳነ፥ ሓያሎ ጭቡጣት መረዳእታታት ገበናት ክጫሀዩ ብምግባር ኣብ ኢትዮጵያ ንዝተፈፀሙ ግፍዓዊ ገበናት ዝምርምር ብሕታዊ ነፃ ዓለምለኻዊ መስርሕ ኣብ ዘይእዋኑ ከብቅዕ ብምግባሩ ኣብ ትግራይ ፍትሕን ተሓታትነትን ንምርግጋፅ ንዝተኻየዱ ፃዕርታት ንድሕሪት ዝመለሰ ስለዝኾነ ነዚ ውሳነ ብትሪ ንኹንኖ፥

5. ብግልፂ ብዝተርኣየ ሻራዊ ባህሪኣም፥ ሳኣን ግልፅነቶምን ተኣማንነቶምን ተቐባልነት ዘይረኸቡ ከም እኒ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰል ኢትዮጵያን ክልተኣዊ ጉጅለ ምርመራን ዝኣመሰሉ ትካላት ተካእቲ ዓለምለኻዊ ዘይሻራዊ መስርሕ ተሓታትነት ከም ዝኾኑ ገይርካ ምርኣይ ንነፅግ፣

6. ብመንገስቲ ኢትዮጵያ ዝተወጠነ ከይዲ ፍትሒ ስግግር፡ የመና ዝንቡዕን ዘይኣሳታፊን ከምኡ ድማ ብሄራዊ፥ ሃገራዊን፥ ዓለምለኻውን ቁፅፅር ዘይብሉ፤ ንምርግጋፅ ዘይሻራዉነት ዋሕስ ዘይህብ፥ ግዳያት ዝኾኑ ወገናት ትርጉም ዘለዎ ተሳትፎ ከይህልዎም ዝገበረን ኣብ ክንዲ ንተሓታትነት ዝቃለስ ገበናት ንምጉልባብ ከም መሳርሒ መንግስቲ ኮይኑ ንምግልጋል ንባዕሉ ዘቃለዐን ብምዃኑ ነውግዞ፥

7. እዚ ከይዲ እዙይ ሕዚ እዉን ብዓይኒ ተጋሩ ጥር እትብል ቅቡልነት ዘይረኸበ፥ ቐንዲ ተጎዳእቲ እዚ ኲናት ንዝኾኑ ክፍልታት ማሕበረሰብ ዘግለለን ቅድም ክብል ዝተፈፀሙ ግፍዕታት ከም ናብ ዕርቂ ዝወስዱ ኣዉራ ቅድመ ኩነታት ገይሩ ዘይተቐበለ ብምዃኑ ንኹንኖ፥

### 3ይ ክፋል፦ ቁልፊ መትከላትን መዐቀኒታትን

8. ነዞም ዝስዕቡ ቁልፊ መትከላት ንኹሎም ፃዕርታት ፍትሕን ተሓታትነትን ከም መምርሒ ንወስዶም ኣለና፤

*ሀ) ንግዳያት ማእኸል ዝገበረ ኣቀራርባ፦ ግዳያትን ብሂወት ዝተረፉን ወገናት ማእኸል ኹሎም ከይዲታት ፍትሒ ብምግባር ኣብ ኩሎም ምዕራፋት ትርጉም ዘለዎ ተሳትፎኦም፥ ድሕንነቶምን ዋንነቶምን ምዉሓስ፥*

*ለ) ሓቂ ምንዳይን ምቕባልን፦ ብነፃን ዘይሻራውን ምርመራ፥ ብምስናድን ንዝወረዱ በደላት ወግዓዊ ብዝኾነ መገዲ ብምቕባልን ንቲ ሙሉእ ሓቂ ምርግጋፅ፥;*

*ሐ) ውፅኢታዊ ተሓታትነት፥ ዘላቒ መፍትሒታትን፥ ካሕሳን፦ ሙሉእ ተሓታትነት ገበንን ሕዉየትን፥ እንኮላይ ዳግመ ምጥያሽ፥ ካሕሳ ምኽሓስን፥ እግሪ ምትካልን፥ ከምኡ እዉን ዕግበትን ተመሳሳሊ ግፍዒ ከም ዘይድገም ዉሑስ ምግባር፥*

*መ) ፍትሓዊ መጋባእያን ከይዲ ፍርድን፦ ኣብ ኩሎም ከይድታት ፍርዲ፥ ፍትሓዊ መጋባእያን ከይዲ ፍርድን ዝምልከቱ ዓለምለኻዊ መትከላት ምኽታል፥*

*ረ) ነፃን ዓለምለኻውን መስርሓት፦ ቅቡልነት ዘለዎ፥ ዘይሻራውን፥ ዓለምለኻዊ ደገፍ ዝረኸበ፥ እኹል ሓላፍነት፥ ሃፍትን ስልጣንን ዘለዎ መስርሕ ተሓታትነት ምጥላብ፥*

*ሰ) በደላት ከይድገሙ ምውሓስ፦ ኣብ ቀፃሊ ግፍዕታት ከይድገሙን ዘይዛሪ ዑደት ዓመፅ ከይህሉ ዝከላኸሉ ዋሕስ ዝህቡ ስርዓታዊ፥ ትካላዊን ባህላዉን ለውጥታት ተግባራዊ ምግባር፥*

9. ምስ ደጋፊ ኣካላት ብፍላይ ድማ ኣብ ገበናት ግፍዒ ኢድ ምስ ዘለዎም ንዝግበሩ ርክባት ዝገዝኡ ንዞም ዝስዕቡ መለከዒታት ኣቕሚጥና ኣለና፥

*ሀ) ገደብ ርክብ፦ተኣማንነት ብዘለዎ መገዲ ብገበን ምስ ዝሕተቱ ውልቀሰባት ወይ ትካላት ዝካየድ ኦፊሴላዊ ርክብ ከም ኣገዳስነቱ ግድን ኣድላዪን ዘይቐሪን ምስዝኾን ጥራሕ ይካየድ፣*

ለ) ስርዓተ-ቁፅፅር:- ኣብ ሞንጎ ትካላት ተጋሩን ዉሩያት ልሂቃን ተጋሩን ንዞም መምርሒታት ርክብ ተኣዘዝቲ ምዃኖም ዘረጋግፅን ዘተግብርን ድልዱል መስርሕ ቁፅፅር ምጥያሽ፣

ሐ) ዋንነት ተጋሩ:- ኩሎም ከይዲታት ፍትሕን ተሓታትነትን ተወከልቲ ተጋሩ ዝውንንዎምን ዝቆፃፀርዎምን፣ ከምኡ ድማ ኩሎም ዝውሰኑ ውሳነታት ባህግታትን ረብሓታትን ህዝቢ ትግራይ ዘረጋግፁ ክኾኑ ኣለዎም፥

መ) ተሳትፎ ግዳያት፥ ምስ ደጋፊ ኣካላት ኣብ ዝግበሩ ኩሎም ዓይነት ርክባት ትርጉም ዘለዎ ተሳትፎ ግዳያትን ብሂወት ዝተረፉ ወገናትን ዘረጋግፅ ክኸዉን ይግባእ፥

ረ) ዓለምለኻዊ ረቛሒታት:- ኩሎም ከይዲታት ምስ ዓለምለኻዊ ሰብዓዊ መሰላትን ሕግታት ሰብኣዊነትን ዝሳነዩ ክኾኑ ኣለዎም፥

**4ይ ክፋል:- ሓላፍነትን መሓዉርን TAC**

10. TAC ነዚ ዝስዕብ ኣገዳሲ ዕዮታት ክፍፅም ሓላፍነት ተዋሂቡዎ ኣሎ:-

ሀ) ስትራተጅያዊ ምትሕብባር:- ንኹሎም ተበግሶታት ፍትሒ ንምምራሕን ንምክትታልን ብኡ ኣቢልካ ድማ ኣብ ሞንጎ ንጥፈታት ኩሎም ኣብቲ ከይዲ ዝሳተፉ ኣካላት ምንባብን ዉፅኢታዉነትን ንምድልዳል ዘኽእል ንኹሉ ዝጠምር መተግበሪ ማትሪክስ ምምዕባልን ምዕቃብን፣

ለ) ደገፍቲ መርትዖታትን ሰነዳትን:- ነቶም ብመሰረት ዓለምለኸ መዐቀኒታት ሕጊ ስርዓታዊ ብዝኾነ መገዲ ብዛዕባ ዝተፈፀሙ ገበናት ግፍዒ መርትዖታት ዝእከቡን ዝሰንዱን ምድጋፍ፥ እዚ ምግባር ብግዲኡ ኣብ ቀፃሊ ንዝካየዱ መስርሓት ሕጊ ዘተኣማምን ማእኸን መረዳእታ ምሓዝ ማለት እዩ፥

ሐ) ዓለምለኻዊ ርክባት:- ተሓታትነት ንምዉሓስን ንቶም ግዳያት ደገፍ ንምርካብን ምስ ዓለምለኻዊ፥ ዞባውን ሃገራውን መስርሓት እንተላይ ምስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፥ ሕብረት ኣፍሪቃ፥ ዓለምለኸ መጋባእያ ገበንን (ኣይ ሲ ሲ) ካልኦት ኣካላትን ንዝግበሩ ርክባት ብሙሉእነት ምድጋፍ፥

መ) ደገፍ ግዳያት ንዝድግፉ:- ነቶም ብህይወት ዝተረፉ ሰባት ማእኸል ገይሮም ዝነጥፉን ዘተሓባብሩን ማለት እዉን ንኹሎም ግዳያትን ነቶም ብህይወት ዝተረፉን ደገፍ ስነ ኣእምሮ፥ ማሕበራዊ ሓገዝ ከምኡ እዉን ደገፍ ሕግን ናዉትን ንዝህቡ ምድጋፍ፥

ረ) ጎስጓስን ምልዕዓልን:- ዝተዋደዱ ወፍርታት ፍትሕን ተሓታትነትን ንምክያድ ኣብዚ ጉዳይ የእትወና እዩ ንዝብሉ ተጋሩ፥ ማሕበረሰባት ዲያስፖራን ንዓለምለኸ መዳርግቲ ኣካላትን ምልዕዓል፥

ሰ) ምርምርን ፅብፃብን:- ናብ ብቑዓት ዓለምለኻዉያን ኣካላትን ዉዳበታት ሲቪል ማሕበረሰብን ዝቐርቡ እዋናዊ ፅብፃባት፥ ናይ ፖሊሲ ሓሳባትን ጥርዓናት ሕግን ምትሕብባር፣

ሸ) ዓቕሚ ምህናፅ:- ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ትግራይ ፍትሒ ንምድልዳል ዘኽእል ቀዋሚ ትካላዊ ዓቕሚ ምህናፅ፣ ብኡ ኣቢልካ እዉን ነባሪ ባህሊ ተሓታትነትን ሰብኣዊ መሰላትን ምሕያል፣

11. ነዚ ዝስዕብ ትካላዊ መሓዉር የቕውም:-

ሀ) ተዋፅኦ TAC ኮሚተ ተሓታትነት ትግራይ ኣቦ መንበር፥ ምኽትል ኣቦ መንበር፥ ተፀዋዒ ኮምዩኒኬሽን ከምኡውን ተወከልቲ እቶም ግዳያት ዝኾኑ ጉጅለታት ሲቪላዊ ማሕበረሰብ፥ ማሕበረሰባት ዲያስፖራ፥ ክኢላታት ሕጊ ከምኡውን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ክጠቓልል እዩ፣

ለ) TAC ኣብ ዓመት እንተ ወሓደ ኣርባዕተ ሳዕ ይእከብ፣ ከከም ኩነታቱ ዘድልዮ ተወሳኺ ኣኼባታት የካይድ፥

ሐ) ምሕላፍ ውሳነ፦ TAC ድምጺ እቶም ግዳያት ኣብ ኩሉ ውሳነታት ቀዳምነት ከም ዝወሃቦ እናገበረ ሓባራዊ ውሳነ ብምግባር እዩ ዚዓዪ፣

መ) ተሓታትነት፦ TAC ንቲ ዝሰፍሐ ማሕበረሰብ ትግራይ ተሓታቲ ይኸውን፤ ብዛዕባ ንጥፈታቱን ምዕባለታትን ድማ ስሩዕ ወግዓዊ ፀብፃብ የቕርብ፣

**5ይ ክፋል፦ *ዕማማትን ተግባራዉነቶምን***

12. ነዞም ዝስዕቡ ሰፋሕቲ ዕማማት ክፍፅም ን TAC. መምርሒ ይህብ፦

ሀ) ተበግሶታት ጎስጓስን ምፍጣር ግንዛበን፦

i. ሓባራዊ መርገፂ ትግራይ ከም ወሳናይ መስርሕ ፍትሕን ተሓታትነትን ተገይሩ ኸም ዝርአ ምግባር፣

ii. ናፃ ናይ ተሓታትነት መስርሕ ንምድጋፍ ንውድብ ሕቡራት ሃገራት፥ ሕብረት ኣፍሪቃ፥ ኣሜሪካ፥ ሕብረት ኣዉሮፓ፥ ዓለምለኸ መጋባእያ ገበን (ኣይ ሲ ሲ) ከምኡዉን ንቐንዲ ትካላት ሰብኣዊ መሰላት ሓዊሱ ምስ ዓለምለኻውን ዞባውን ትካላት ስርዓታዊ ርክብ ምግባር፥

iii. ብእተወሃሃደ ወፍርታት፥ መግለፂታት ምሕፅንታታት፥ ከምኡውን ሰፋሕቲ ናይ ግንዛበ መፍጠሪ መደባት ኣቢልካ ቀፃሊ ህዝባዊ ደገፍ ከም ዝህሉ ምግባር፣

iv. ብቐፃልነት ዝረኣዩ ጥሕሰታት ኣብ ጎስጓስን ኣብ መፃኢ ኣብ ዝህሉ ሕጋዊ መስርሕን ኣብ ጥቕሚ ምእንታን ክዉዕሉ ምክትታልን ምስናድን፣

ለ) ፃዕርታት ሕግን ፍትሕን ፦

i. ገበናት ግፍዒ ንምምርማርን ንምፍራድን ተቐባልነት ዘለዎ ዘይሻራዊ ዓለምለኻዊ መስርሕ ተሓታትነት ክቐውም ብቐፃልነት ምጉስጓስ፣

ii. ጉድኣት ዝበፅሖም ወገናት ዉክልናን ጥብቅናን ንክረኽቡ ከምኡውን ምስ ፍካላት ሰብኣዊ መሰላት ርክብ ክህልዎም ምሕጋዝ፣

iii። ኣብ ኩሎም ተዛመድቲ ዓለምለኻዊ ምንቅስቓሳት ሕጊ ምንጣፍ፣ እንኮላይ ናብ ዓለምለኸ መጋባእያ ገበን (ኣይ ሲ ሲ) መመልከቲ ምእታውን ንዓለምለኸ ጉዳያት ፍርዲ ደገፍ ምሃብን፣

iv. ምስ ዓለምለኸ መምዘንታት ፍርዲ ንዝሳነዩን ንግዳያት ማእኸል ንዝገበሩን ተበግሶታት ሓቅን ዕርቅን ምድጋፍ፣

ሐ) ምርምርን ሰነዳን፦

i. ኣብ ዝተፈፀሙ ጥሕሰታት ሰብኣዊ መሰላት ምስክርነታትን ናይ ኣባዲናን ካልኣት ሙሉእነት ዘለዎም ፀብፃባትን ንምእካብ ሙያዊ መስርሕ ሰነዳን ምትእኽኻብ መረዳእታን ምትእትታው፣

ii. ናብ ዓለምለኸ ትካላት፣ መንግስታትን ማእኸናት መራኸቢ ሓፋሽን ዝቐርቡ ተኣመንቲ/ብቑዓት ፀብፃባት ገበናት ግፍዒ ምድላው፣

iii. ኣብ ስርዓት ሓለዋ ሰብኣዊ መሰላትን ፍትሕን ትግራይ ዘለው ጋጋት፣ ብድሆታትን ዕድላትን ዳህሲስካ ምምሕያሻት ንምግባርን ንምጥንኻርን ምእንታን ክከኣል ንቲ ስርዓት ምክትታል፣

መ) ንግዳያትን ብህይወት ንዝተረፉን ምድጋፍ

i. ንኹሎም ብግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝተጎድኡ ወገናት ሙሉእ ዝኾነ ሕውየት፣ ካሕሳን ዳግመ ምጥያሽን ክረኽቡ ንዝሕግዙ መደባት ኣበርቲዕኻ ምጉስጓስ፣

ii. ንግዳያት ዝሕግዙ ድልዱላት መሓውራት ደገፍ እንኮላይ ስነ ኣእምሯዊ፣ ማሕበራውን ገንዘባውን ሓገዝ ዝገብሩ መደባት ደገፍ ምጥያሽን ምዕቃብን፣

iii. ብህይወት ዝተረፉ ግዳያት ኣብ ዋዕላታት ሕጊ፣ ህዝባዊ ኣኼባታትን ወፍርታት ጎስጓስን ናይ ልቦም ክዛረቡ ዘኽእሉዎም ትርጉም ዘለዎም መድረኻት ምስላጥ፣

ረ) ፖለቲካውን ናይ ፖሊሲን ዘተታት፡-

i. ኣብ ትግራይ፣ ኣብ ኢትዮጵያን ኣብቲ ዝሰፍሐ ዞባን ንተሓታትነት፣ ዴሞክራሲን ሰብኣዊ መሰላትን ዘጠናኽሩ ኣድለይቲ ለውጥታት ሕግን ሕገመንግስትን ክካየዱ ምጉስጓስ፣

ii. ኣብ ፍትሕን ተኸባቢርካ ብሰላም ምንባርን ውፅኢታዊ ልዝብ ንምድልዳል ብፅሒት ምስ ዘለዎም ሲቪል ማሕበራትን ፖለቲካዊ ውዳበታትን ትግራይ እወንታዊ ዘተ ምክያድ፣

ሰ) ዓለምለኻውን ዲፕሎማሲያውን ርክባት፡-

i. ንናይ ትግራይ ፃዕርታት ተሓታትነት ዘላቒ ደገፍ ንምርካብ ምስ መንግስታት ዓለምን ትካላት ዓለምለኻዊ ምትሕብባራትን ስርዓታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ርክባት ምክያድ፣

ii. ዓለምለኸ ፅዕንቶ ንምድንፋዕን ዓቕምታት ንምትእኽኻብን ምስ ማሕበረሰባት ዲያስፖራ ትግራይ ስትራቴጂያዊ ርክባት ምግባር፣

iii. ቅልውላው ተሓታትነት ትግራይ ኣብ ዓለምለኸ ኣጀንዳ ዝግብኦ ቦታ ንኽረክብ ኣብ ዓለምለኻዊ መድረኻት ሰብኣዊ መሰላትን ፍትሕን ቀፃልነት ዘለዎ ውክልና ምውሓስ፥

13. ትካላውን ስትራቴጂያውን ምዕባለታት

ሀ) TAC ንፁራት መሓውራት መሪሕነት፣ ዓቕሚ ኣፈፃፅማን ዘላቒ ምምሕዳራዊ ብቕዓትን ንከህልዎ ድልዱል ትካላዊ ቅርፂ ምትሓዝ፣

ለ) ጥሪት፥ ክእለትን ዓለምለኻዊ ፅልዋን ንምድልዳል ምስ ተመሳሳሊ ዓይነት ኣተሓሳስባ ዘለወን ትካላት ስትራተጅያዊ ሽርክና ምምስራት፣

ሐ) ተልእኾታትን ንጥፈታትን TAC ብዘላቕነት ንምዕዋትን ንነዊሕ ግዜ ንምክያድን እኹል ገንዘባዉን ንዋታዉን ደገፍ ምኽዕባት፥

መ) ንምዕባለታት ተልእኾን ንጥፈታትን TAC ንምግምጋምን ከከም ኣድላይነቱ ኣቀራርባታት ንምትዕርራይን ስሩዕ ስትራተጅያዊ ኣኼባታትን ገምጋምን ምስላጥ፣

**6ይ ክፋል፦ ህፁፅ ጠለባትን ናይ ግብሪ መፀዋዕታን**

14 ነዚ ዝስዕብ ሓላፍነት እተዋህቦ ዘይሻራዊ ዓለምለኻዊ መስርሕ ተሓታትነት ብህፁፅ ክቐውም ይሓትት፦

ሀ) ኣብ እዋን ኲናት ትግራይ ኣብ እተፈፀሙ ኩሎም ገበናት ግፍዒ ብሙሉእነት ምርመራ ምግባር፣

ለ) ነቶም ብገበን ጀኖሳይድ፥ ገበን ኲናትን ኣብ ልዕሊ ሰብኣዉነት ገበን ብምፍፃምን ኢዶም ንዘለዎም ምፍራድ፣

ሐ) ንኹሎም እቶም ግዳያትን ነቶም ካብ ፅንተት ዝደሓኑን ሙሉእ ካሕሳን ሕዉየትን ምዉሓስ፥

መ) ብትካላዊ ኹነ መሓዉራዊ ተሃድሶ ኣቢልካ ግፍዒ ዳግም ከም ዘይፍፀም ውፅኢታዊ ውሕስነት ዝህብ መስርሕ ምትግባር፥

15. ንውድብ ሕቡራት ሃገራት፥ ንሕብረት ኣፍሪቃ ከምኡውን ንኹሎም ዓለምለኻውያን መዳርግቲ ኣካላት ንዚ ዝስዕብ መፀዋዕታ የቕርበሎም፦

ሀ) ንፃዕርታትን ሓላፍነታትን TAC ቀፃሊ ፖለቲካዊ፥ ቴክኒካውን ገንዘባውን ደገፍ ክገበሩሉ፣

ለ) ነቲ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተዋደደ ዝተዛበዐን ብፅዕንቶ ዝዝወርን መስርሕ ፍትሒ ስግግር ክነፅጉዎ፥

ሐ) ንምጥያሽ ዘተኣማምን ዞባዊ ወይ ዓለምለኻዊ መስርሓት ተሓታትነት ክድግፉ፥

መ) ዝኾነ ይኹን መስርሕ ፍትሒ ስግግር፥ ነቲ ብነፃነት ምስራሕ፥ ዘይሻራዉነትን ንግዳያት ምስታፍን ዝምልከቱ ኣህጉራዊ መዐቀንታት ከም ዘማልእ ከረጋግፁ፣

16. ገበነኛታት ካብ ተሓታትነት ከምልጡ ዝገብሩን ኣብ ፍትሒ እናመረፁ ሌላን ጉሌላን ዘሰጉሙን ኩሎም ዓይነታት ኣካይዳታት ንተጋሩ፥ ካልኣት ግዳያትን ብህይወት ዝተረፉ ሰባትን ዘጓንዩን ንመሰላቶም ዝኽሕዱን ስለዝኾኑ ይኹንኖም፥

17. ኣቕዲምካ ሓቂ ኽይነገርካ፥ ንቲ ዝተፈፀመ ምግፋዕ መሰል ኣፍልጦ ከይሃብካን ነቶም ገበነኛታት ክሕተቱ ከይገበርካ ዕርቂ ንምግባር ንዝግበር ዝኾነ ይኹን ፈተነ ይነፅጎ፥

**7ይ ክፋል፦ መተግበሪ ማእቀፍ**

ነዚ ዝስዕብ **መተግበሪ ማእቀፍ ዘለዎ ዉፉይነት የረጋግፅ፦**

18 ። ህፁፅ ስጉምቲ፦

ሀ) ኣብ ጉዳይ ውድባዊ መሓዉርን ሽመት መሪሕነትን TAC መዕለቢ ምግባር፥

ለ) ነቲ ምትሕብባር ንምስፋሕ ኣብ ሞንጎ እቶም እዚ ጉዳይ ዝብፅሖም ኣካላት ሰፊሕ ምምኽኻርን ተበፃሕነትን ምርግጋፅ፣

ሐ) ግንዛበ ንምዕባይን ዓለምለኻዊ ደገፍ ንምትእኽኻብን ህዝባዊ ወፍሪ ምጅማር፣

መ) ንፁር ሰሌዳ ግዜን ሓላፍነታትን ዘለዎ ዝርዝር መፈፀሚ ማእቀፍ ምምዕባል፣

19. ናይ ሓጺር እዋን ሸቶታት፦

ሀ) መርትዖታት ንምእካብን ንምስናድን ደረጃኦም ዝሓለዉ ሜላታት ምትእትታዉ፣

ለ) ንቴክኒካዊ ደገፍ ሰብሙያ ሕግን ክኢላታት ኣባዲናን ምትእኽኻብ፣

ሐ) ንቶም ዝተፈፀሙ ገበናት ግፍዒ ዝዕቅብ ምእኹልን ዉሑስን ማእኸን ሓበሬታን መረዳእታን ምህናፅ፣

መ) ነቶም ቀንዲ ዓለምለኻውያን ተዋሳእቲ ትኹረት ዝገበረ እተወሃሃደ ወፍሪ ምጅማር፣

ረ) ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ከምኡውን ንዓለምለኸ መጋባእያ ገበን፥ ሕብረት ኣፍሪቃን ንቁልፊ መንግስታትን ሙሉእነት ዘለዎ ፀብፃብ ምቕራብ፥

20. ኣብ ማእከላይ ግዜ ዝብፅሑ ሸቶታት፡-

ሀ) ምጥያሽ ዘይሻራዊ ዓለምለኻዊ መስርሕ ተሓታትነት ጋህዲ ምግባር፣

ለ) ኣብ ናይ ግዳያት ካሕሳን ደገፍ ዝህቡ መደባትን ትርጉም ዘለዎ ምዕባለ ምግባር፣

ሐ) ንናይ ነዊሕ እዋን ፃዕርታት ፍትሒ ዘገልግል ነባሪ ትካላዊ ዓቕሚ ምህናፅ፣

መ) ምስ ዓለምለኻውያን ትካላት ፍትሒ ሰፊሕ ሽርክና ምምስራት ፣

21. ናይ ነዊሕ እዋን ራእይ፡-

ሀ) ነቶም ግፍዒ ዝፈፀሙ ተሓተትቲ ምግባር፣

ለ) ንኹሎም ግዳያትን ዝደሓኑ ወገናትን ሙሉእነት ዘለዎ ካሕሳ ምውሓስ፣

ሐ) ግርጭት ንምክልኻልን ሰብኣዊ መሰላት ንምሕላውን ዝሕግዝ ቀዋሚ መስርሕ ምቛም፣

መ) ብምንጋስ ፍትሕን ተሓታትነትን ኣቢልካ ኣብቲ ዝሰፍሐ ዞባ ንሰላምን ርግኣትን ኣበርክቶ ምግባር፣

22. ነዚ ዝስዕብ ናይ ምቁፅፃርን ገምጋምን ስርዓት የተኣታትዉ፡-

ሀ) ምዕባለ ንምግምጋምን ስትራተጂታት ንምትዕርራይን TAC ዝገበሮ ርብዒ ዓመታዊ ናይ ምዕባለ ገምጋም፣

ለ) ነቲ እተገብረ ምዕባለ ንምግምጋምን ቀዳምነት ንምሃብን ዝግበር ዓመታዊ ሓፈሻዊ ጉባኤ፣

ሐ. ፅልዋ እቲ ምንቅስቓስ ንምግምጋምን ኣቀራርባታት ንምስትኽኻልን ድሕሪ ዓመትን መንፈቕን ዝግበር ናይ ማእከላይ ግዜ ሰፊሕ ገምጋም፥

መ. ብዛዕባ ንጥፈታት፥ ምዕባለታትን ብድሆታትን ዝወሃቡ ስሩዓት ወግዓዊ ፀብፃባት፣

## 8ናይ ክፋል፡- ምትእኽኻብ ሃፍትን ሽርክናን

23. ነዚ ዝስዕብ ሰፊሕ ናይ ሃፍቲ ምትእኽኻብ ምንቅስቓስ ክግበር ፃውዒት የቕርብ፡-

ሀ) TAC ንዘካይዶም ምንቅስቓሳትን ንግዳያት ንምሕጋዝ ንዝሳለጡ መደባትን ካብ ዓለምለኻውያን ወሃብቲ ሓገዝ ዝርከብ ደገፍ፥

ለ) ማሕበረሰብ ዲያስፖራ ዝገብሮ ወፈያን ተሳትፎን፣

ሐ) ምስ ዓለምለኻውያን ትካላት ሰብኣዊ መሰላትን ፍትሕን ዝግበር ሽርክና፣

መ) ካብ ምግባረ ሰናይ ትካላትን መንግስታዊ ትካላት ልምዓትን ዝወሃብ ሓገዝ ገንዘብ፣

መ) ካብ ሰብ ሙያ ሕግን ክኢላታት ኣባዲናን ዝርከብ ቴክኒካዊ ደገፍ፣

24. ምስዞም ዝስዕቡ ኣካላት ስትራተጂያዊ ሽርክና ንምምስራት ይፅዕር -

ሀ) ኩሎም ናይ ተጋሩ፥ ኢትዮጵያውያን፥ ኣፍሪቃውያንን ኣህጉራውያንን ትካላት ፍትሒ፥ ተሓታትነትን ሰብኣዊ መሰላትን፣

ለ) ዓለምለኻውያን ትካላትን መጋባእያታትን ፍትሒ ገበን፣

ሐ) ዞባዊ ኣካላት ሰብኣዊ መሰላትን መስርሓትን፣

መ) ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ፍትሒ ስግግር ዝዓያ ሲቪል ማሕበራት፣

ሰ) ኣብ ተሓታትነት ዘትኩሩ ትካላት ምሁራትን ማእኸላት ምርምርን፣

ረ) ኣብ ምድጋፍን ሕዉየትን ግዳያት ዝነጥፉ ውዳበታት

**9ይ ክፋል፡- ናይ መወዳእታ ኣናቕፅ፡-**

25. ኣብ ትግራይ ፍትሒ ንምርካብ ዝግበር ፃዕሪ ኣብ ዓለምለኻውያን ሕግታት ሰብኣዊ መሰላትን ሰብኣዊነትን ሱር ዝሰደደ ክኾን ከም ዘለዎ፥ ንድምፅን ድሌታትን እቶም ግዳያትን ብህይወት ዝተረፉ ሰባትን ብሓቂ ከንፀባርቕ ከምኡውን ንነባሪ ሰላም፥ ሃገራዊ ዕርቅን ሓቓፊ ዝኾነ ሓባራዊ ዕቤትን ከም ፅኑዕ መሰረት ኮይኑ ከገልግል ከም ዘለዎ የረጋግፅ፣

26. እዚ ሓባራዊ መርገፂ ነቲ ፍትሒ፥ ሓቅን ተሓታትነትን ከምኡዉን ንኹሎም ግዳያትን ካብ ገበናት ግፍዒ ብሂወት ዝተረፉን ካሕሳን ንምርካብ ናይ ዝንቀሳቐሱ ተጋሩ ዉሁድ ድምፅን ነቕ ዘይብል ቈራፅነትን ከም ዝዉክል ይእውጅ፣

27. ምዕባለ ትግበራ ንምግምጋምን ምስ ዝለዋወጡ ኩነታት ምትዕርራይ ንምግባርን ዉዲነት ዕላማ ንምዕቃብን ስሩዓት ኣኼባታት TAC እንኮላይ ርብዒ ዓመታዊ ኣኼባታትን ዓመታዊ ጉባኤታት እቲ ዝሰፍሐ ማሕበረሰብን ብዘይ ምቁራፅ ንምክያድ ዉፉይነቱ የረጋግፅ፥

28. ኩሎም እቶም ግዳያትን ብሂወት ዝተረፉን ብመሰረት ዓለምለኻዊ ሕጊ ዝግብኦም ሓቂ፥ ፍትሒ፥ ካሕሳ ከምኡውን ግፍዒ ናይ ዘይምድጋም ውሕስነት ክሳዕ ዝረኽቡ እቲ ኣብ ትግራይ ፍትሕን ተሓታትነትን ንምርካብ ዝግበር ቃልሲ ከቕፅል ምዃኑ የረጋግፅ፥

29. ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ኹሎም ሕልና ዘለዎም ሰባት፥ መንግስታት ዓለምለኻውያን ትካላት፥ ከምኡውን ሲቪላዊ ማሕበረሰብ ዓለም ነቲ ፍትሓዊ ዝኾነን ኣብ ትግራይ ንዝተፈፀሙ ገበናት ግፍዒ ተሓታትነት ናይ ምርግጋፅን ሕቶ ክድግፉ ከምኡውን ፍትሒ ንምርካብ ኣብ ዝገብርዎ ፃዕሪ ምስቶም ግዳያትን ብሂወት ዝተረፉን ብኣጋርነት ክስለፉን ይፅዉዕ፥

30. ዕላማታት እዚ ሓባራዊ መርገፂ እዚ ምሉእ ብምሉእ ክሳዕ ዚብፃሕን ክብሪ ዘነፅፍ ዘላቒ ሰላም ኣብ ትግራይ ክሳዕ ዝምስረትን ንተሓታትነት ፍትሕን ብንጥፈት ክሳተፍ ከምዝወሰነ ይገልፅ።

ዝፀደቐሉ ዕለት፡- ሎሚ ኣብ ትሕቲ ዉሁድ ድምፂ ዉዳበ ፍትሕን ተሓታትነትን

ዕለት፦- ጥቅምቲ 2018 ዓ.ም

*እዚ ሓባራዊ መርገፂ እዚ ምስቶም ግዳያትን ብህይወት ዝተረፉ ሰባትን፥ ማሕበራት ሲቪላዊ ማሕበረሰብ፥ ማሕበረሰባት ዲያስፖራ ከምኡውን ምስ ኩሎም እቶም ኣብ ትግራይ ንእተፈፀሙ ገበናት ግፍዒ ፍትሕን ተሓታትነትን ዝፅዉ ኣካላት ሰፊሕ ምይይጥ ድሕሪ ምግባር ተቐባልነት ዝረኸበ እዩ።*